ሓበሬታ, ብዛዕባ ሓድሽ ሕጊ፡ ተቀማጢ ገንዘብ፡ካብ ሓተትቲ ዑቕባ ሙግዳል ደሞዝ 20%

እቲ ሕጊ እንታይ እዩ?

በቲ ጸረ ስግረ ዶብ ሕጊ መሰረት ሓዲሽ ምምሕያሽ ካብ ወርሒ ሓሙሽተ ጀሚሩ እቲ ኣስራሒ ካብደሞዝካ 20% ብምቁራጽ ብሽምካ ኣብ ሚዝራኺ-ትፋኦት ባንክ ብዝተከፈተ ፍሉይ ባንክ ሕሳብ ከኣትዎ እዩ.ጠቕሚ ሓበሬታ ክትፈልጥኦ ዘለኩም እት 20% ዝወርድ ካብ ስርት ደሞዝ እዮ ንኣብነት ናይ ዝያዳ ሰዓት፣ ጉዕዞ ከምኡውን ተወሳኺ። ብተወሳኺ እቲ ኣስራሒ 16% ብወገኑ ክከፍል እዩ. እዝ መጠን ነቲ ቅድምሕጂ ንጡረታን, ንትሕጋግን ሞያዊ እኩብ ትከፈሎ ንዝነበረ ክቅይሮ እዩ ቅድምሕጂ ንዝተፈላለየ እኩብ ዝቅመጥ ወይን ስራሕ ክትውድእ ከለኻ ናባኻ ዝኽፈል ኔሩ.እዚ ዓቕን ናይ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊት ንምትካእ ኣይኮነን -ብተወሳኺ እዩ ,ናይ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊት ሃገር ዝክፈል እዩ ንሕና ኣይንቅበሎን ኢና. 20% መወዳእታ ናብ ንስኻ ክምለስ እዩ. እዚ ሕጊ ቪዛ 5א2ከምኡውን ናይ ስራሕ ቪዛ 1ב ብሓንሳብ ክልቲኦም ምብንባድ ሲናይ ናብ እስራኤል ዝኣተወ ዝኾነ ሰብ እዩ .እዚ ሕጊ ነባሪ ናይ ምስክር ወረቐት ንዘለዋ ኣይምልከትን እዩ(א5) .

ቅድም ወርሒ 1/5/2017 ዘኣከብኩዎ እንታይ ይኸውን?

ብዛዕባ እቲ ሕጊ ዘለና ሓበሬታ ስጋዕ ወርሒ 5 2017 ዝኣከብካዮ ጥቕማጥቕሚ ኣይውሰድን እቲ ኣስራሒ እዉን ናብቲ ሓዲሽ ባንክ ክሰዶ ኣይክዕልን. ከም ኣብነት ካብ ወረሒ 5 2016 ጀሚርካ ስጋዕ ወርሒ 5 2018 ተሰሪሒኻ ናይ ሓደ ዓመት ዝሰራሕካሉ ካብ ኣስራሒኻ ይክፈለካ እዩ (ኣብቲ ቱሉሽ). ናይ ካላይ ኣመት ክቅመጠልካ እዩ.

ንሕና ገንዘብ ምርካብ ንኽእሎ መዓስ እዩ?

ካብ እስራኤል ክትወጽ ከለኻ እቲ ገንዘብ ትወሃብ. ብተወሳኺ, ንስኻ ብእስራኤል ውሽጢ ናይ ስደተኛ ኩነታት ተቀቢሎሞ እተኾነ, እቲ ምክፋል ይተርፍ, ነገር ግን, እቲ ዝተዓከበ ገንዘብ ክትቅበሎን ኣይትቀበሎን ብሕጊ ኣይተወሰነን.ንሕና ኣብዚ ጉዳይ ድሕሪ ብሩህ ክኸውን ንኣምን .

ብተወሳኺ ንስኹም ብትደለይዎ ናይ ሕሳብ ምንቅስቓሳት ኩነታት ብዛዕባ ብጽሑፍ ን ባንክ ንምሕታት መሰል ኣለኩም።

ዝኾነ ሰብ ነቲ ገንዘብ ምውሳድ ይኽእል ዶ?

ማንም ሰብ ገንዘብኩም ኣይትንክፎን: ብጀካ ቪዛኹም ተሰሪዙ መንግስቲ እስራኤል ካብ ሃገረ ክትሰጉኩም እንተወሲና, ካብቲ ዝተበሃልክሞ መዓልቲ ዝሐሰብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ክትወፁ እንተዘይኪኢልኩም , መንግስቲ እቲ ዘቕመጦ ገንዘብኩም ከወስዶ ይኽእል እዩ. ነቲ፡ ካብ ብኣስራሓና ዝተኣከበ 16% ገንዘብ ክወስድዎ ይክእሉ.

ብዘይ ቪዛ ነዊሕ እዋን እንተፀኒሕኩም ካብቲ ኣስራሒ (ባዓለ- ባይት) ዘቀምጦ ገንዘብ ስጋብ 80% ክዎስዱዎ ይክእሉ.

እቲ 20%ግን ብምንም መንገድ ክወስዱ ኣይኽእሉን.

Kav LaOved Protecting Workers' Rights

Tel Aviv	Nahalat Binyamin 75, Box 2319, Tel Aviv-Yafo 61022	Tel: 03-6883766	Fax: 03-6883537
Haifa	Herzel 18, Room 224, Haifa 33121	Tel: 04-8643350	Fax: 04-8644238
Nazareth	HaBsora Center, Box 2694, Nazarath 16126	Tel: 04-6082228	Fax: 153-4-6082228

web site: www.kavlaoved.org.il | e-mail: email@kavlaoved.org.il

እዚ ሕጊ እዚ ንምስራዝ ይካኣል ዶ?

ንሕና ካብ-ላኦቬድን ሆት ላይን ስራሕተኛታት እዚ ሕጊ እዚ ምምሕያሽ ንምግባር ተቐዉምና. ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይዚ ሃገር ኣቐሪበና ኣለና. መልሲ ኣብዝረኽቡናሉ ድማ ብእዋኑ ሓበሬታ ክበፅሓኩም ክንገብር ኢና.

እቶታዊ ጽዕነት ወረቐት(ትሉሽ ማስኮሬት) ንኣብነት ዝኣክል ድሕሪ ንገንዘብ ምምኡሳዶም

